# ምትካል ገረብ ሰውኣት

# ኣብ ከተማ ሹፐርታል



ህዝቢ ከተማ ሹፐርታል እቲ ንነዊሕ ዓመታት ሒዝዎ ዝነበረ ገረብ ሰውኣት ናይ ምትካል ፅላማ፡ ኣብቲ ብሃገር ደርጃ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን "ኤርትራ 20 ዓመታት ኣብ ሓበን" ብዝብል ሓድነታዊ ጭርሖ ክብርታቱ ዝገልጸሉ ዘሎ እዋናት ብዕለት 16 ሚያዝያ 2011 ኣብቲ ዝማእከልን ዝበረኸን ቦታ ከተማ ሹፐርታል ባንዴራ ሃገሮም ብምንብልባል ገረብ ሰማእታቶም ብሓበን ተኺሎም። መደብ ምትካል ገረብ ሰውኣት ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ፤ብሽማግለ ማ/ኮም ሹፐታልን ከባቢኣን ኣቶ ሃይለ ኣስጎደም ፤ ኣቶ ዮውሃንስ ተኽለን ኣቶ ገብረመስቀል ዓንደምን እናተመርሐ ሃገራውያን ተቀማጠ ህዝቢ ሹፐርታልን ወከልቲ ማሕበረኮማትን ጉጅለታት ህ.ግ.ደ.ፍን ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ከተማታት ከለን ድዝልደርፍ ክረፌልድ ሙንሽንግላድባኽን ሕድሪን ቃልን ናይቶም ንነጻነትን ክብሪን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ መስዋእትነት ክፊሎም በጃ ዝሓለፉ ብሉጻት ሰማእታት ኤርትራ ዘሐዱሰሉ ስርዓት ኣካየዱ። ወኪል ኢምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ነዚ ቅዱስ ዓላምን ጽቡቕ መርኣያን ዘሞጉስ መልእኽቲ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ድሕሪ ምቕራብ ንሓድነታዊ ተበግሶ ኤርትራዊያን ተቐማጠ ሹፐርታልን ከበቢኡን ዘለዎ ኣድንቖት ገሊጹ።

መዛግብን ማህደራትን ከም ዝምስክርዎ፡ታርኽ ህዝቢ ከተማ ሹፐርታል ኣብቲ ዝተኻየደ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ መትከሉ ጸኑዕ፡ ሓያልን ዝነኣድን ምንባሩ ዝተረጋገጸ ኮይኑ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ሕድሪ ሰማእታቱ ብምቕባልን ብምኽባርን ኣብ ዝኾነ መዳያት ከም ወትሩ ተሰታፍነቱ ብጣዕሚ ዕዙዝ እዩ። ከም ኣብነት እቲ ብ1998 ቐናእትን ሓሳዳትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ምስኣወጁ ልክዕ ከም ቀፍኡ ዝተተንከፈ ንህቢ ሓይሊ ምክልኻል ሃገር ነደልድል ብምባል ካብ ዓቢ ስጋብ መንእሰያት ተምሃሮ ብምስታፍ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ልዕሊ 90000 ማርክ ብምውጻእ ዘርኣይዎ ቅጽበታዊ ተሳትፎ ክግለጽ ይከኣል።

ኤርትራዊያን ተቐማጠ ከተማ ሹፐርታል ኣብቲ ጽንኩር እዋናት ማለት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወራር ወያኔ ቀጺሉ ድማ ነቲ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓዊን እገዳ ዋሺንግቶን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንምፍሻል መኸትኡ ብምሕያል ኣብ ጎኒ ህዝቡን መንግስቱን ኮይኑ ብዘይ ሃገር ክብረት የለን ብዝብል ጭርሖ ጎስጓስ ብምሕያል ብቑጠባን ጉልበትን ኣብ ዝተፋላያ ከተማት ጀርመንን ኤውሮጳን ኣብ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምስታፍን ሓያል መኸተ ክካይድ ዝጸንሐ ህዝቢ እዩ። ሕጂ'ውን ምስ ኣብ ከባቢኡ ዘሎዉ ኤርትራያን ብምርጥናፍ ነታ ብመስዋእቲ ደቁ እተረኽበት ናይ መበል 20 ዓመት ክብርቲ ዕለተ ነጻነት ምስ ከተማታት ከለን ዱዝልደርፍ ሞንሰሽንግላድባኽን ሹፐርታልን ንዕለት 21.05.2011 ኣብ ከተማ ከለን ንምብዓል ብዘለዓለ ሃገራዊ ወኒ ኣብ ምሽብሻብ ይርከብ ኣሎ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና



ዓወት ንሓፋሽ
ኣወሃሃዲት ሽማግለ ከተማ ሹፐርታል
ማሕበረኮም ፡ ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ህ.ግ.ደ.ፍን